# ለበዳ ኮሮና – ሓበሬታ ንወለዲ

## ኮሮና ቫይረስ ብኸመይ ይላባዕ?

ኮሮና ቫይረስ ብጠብታ ወይ ንጣር ኢዩ ድላባዕ ። እቶም እቲ ቫይረስ ደለዎም ሰባት ናብቶም ካለኦት ገጾም ብምህንጣስን ብምስዓልን ነቶም ካለኦት የላግቡሎም ። ብተወሳኺ እቲ ቫይረስ ሓደ ድተለኸፈ ሰብ ብድተንከፎም ነገራት ከም ለዓት ማዕጾ ፣ መጠውቒ ናይ ሊፍትን (መደየቢ) ኣብ ኣውቶቡስ ድርከቡ ነገራትን ፣ ባቡር ፣ ተ-ባን ፣ ናይ ከተማ ባቡርን ወዘተ ክላባዕ ይኽእል ።

## ስለምንታይ ኢዩ ነቲ ምልባዕ ምግታእ ኣገዳሲ?

እቲ ኣገዳሲ ክንገብሮ ንኽእል ነገር ብዙሓት ሰባት ብሓንሳብ ከይሓሙ ምክልኻል ኢዩ ። ብዙሓት ሰባት ኣብ ሓደ እዋን እንተደኣሓሚሞም ፣ እቲ ኣገልግሎት ጥዕና ንኹሎም እቶም ሓገዝ ዘድልዮም ክሕግዝ ኣይክኽእልን ኢዩ ።

## ስለምንታይ ኢዩ መዋእለ ህጻናትን ቤት ትምህርታትን ተዓጽዩ?

ቤት ትምህርታትን መዋእለ ህጻናትን ብዙሓት ሰባት ኣብ ሓደ ንኡሽቶ ቦታ ብሓንሳብ ከይኮኑ ንምውጋድ ኢዩ ተዓጽዩ ። ብዙሓት ሰባት ኣብ ሓደ ቦታ ምእካብ ነቲ ናይ ምልባዕ ሓደጋ ክብ የብሎ ኢዩ ።

## ለበዳ ንምውጋድ እንታይ ክትገብር ትኽእል?

- ብቐጥታ ናብ ሰባት ገጽካ ምህንጣስን ምስዓልን ምውጋድ ።
- ካብ ካለኦት ሰባት እንተወሓደ ናይ ሓደ ሜትሮ ርሕቀት ሓሉ ።
- ክትስዕል ወይ ክትህንጥስ ከለኻ ተጠቒምካ ትድርብዮ መንዲል ወይ ሶፍት ግበር ፣ ብድሕሪኡ ኣእዳውካ ብግቡእ ተሓጸብ።
- መንዲል ወይ ሶፍቲ እንተዘይብልካ ብውሽጢ ኩርናዕ ኢድካ ክትስዕል ኣለካ ወይ ይግባእ ።
- ደጋጊምካን ኣጸቢቕካን ብሳምናን ልቡጥ ማይን ኣእዳውካ ተሓጸብ ፣ ብፍላይ ኣብ ደገ ምስ ካልኦት ሰባት እንተጸኒሕካ ።
- ኣእዳውካ ክትሕጸብ ዕድል እንተዘይብልካ ጸረ ባክተርያ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ ።
- እንተደኣ ኣእዳውካ ብርኡይ ረሲሑን ጠልቅዩን ሃልዩ ፣ ብማይን ሳምናን ጌርካ ክትሕጸብ ኣለካ ። ኣብ ድረሰሐን ድጠልቀየን ኣዳው ጸረ ባክተርያ ትሑት ውጽኢት ወይ ጽልዋ ኢዩ ደለዎ ።

## ቆልዑት ምስ ካለኦት ቆልዑ ብሓንሳብ ክኾኑ ይኽእሉ ዶ?

ቆልዑ ብድተኻእለ መጠን ኣብ ገዛ ክኾኑ ኣለዎም ። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ሓደ ወይ ክልተ መጻዉቲ መሓዙት ክህልዎም ይኽእል ኢዩ ። ክጻወቱ እንተኾይኖም ኣብ ደገ ክራኸቡ ኣለዎም ብዙሓት ቆልዑ ደለውዎ መጻወቲ ቦታ ግን ክውገድ ኣለዎ ። ኩሉ ከም ምኽባር ዕለተ ልደትን ካልእ ሰባት ድእከቡሉ ኣጋጣሚታትን ክናዋሕ ኣለዎ ።

Nasjonalt senter for flerkulturell opplæring (Mars 2020)
Teksten er basert på informasjon fra Folkehelseinstituttet og Redd Barna

## ምስ ቆልዑ ብዛዕባ ኮሮና ከመይ ጌርካ ትዛረብ?

ብዙሓት ቆልዑ ንኮሮና ድፈርሕዎን ድሻቐሉን ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም ። ውሕስነት ንምፍጣር ግን ምስ ቆልዑ ብዛዕባ ኮሮና ምዝራብ ኣገዳሲ ኢዩ ። ቆልዑ ኣድሕን ብዛዕባ ለበዳ ኮሮና ምስ ቆልዑ ከመይ ጌርካ ከም ተዕልል ድሕግዙ ሽዱሽተ ምኽርታት ሂቡ ኣሎ ። እቲ ምኽርታት ኣብዞም ድስዕቡ ተጠቓሊሉ ኣሎ:

### 1. ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ክትዛረብ ከለኻ ቋንቋ ናይቲ ቆልዓ ተጠቐም

ነቶም ቆልዑ ብዝርደኦም ኣገባብ ሓቅታትን ሓበሬታን ሃብ ። ኣዝዩ ብዙሕ ሓበሬታ ብሓንሳብ ኣይትሃብ ። ካብቲ ድፈልጥዎ ፣ ድመስሎም ወይ ሕቶ ድኾኖም ጀምር ።

### 2. ምስኦም ኩን ውሑሳት ከኣ ግበሮም

ነቶም ቆልዑ ብዝተኻእለ መጠን ውሕስነት ከምድስመዖም ድገብር ሓበሬታታት ሃብ ግን ቅኑዕ ግልጺ ኩን ። ዋላኳ ኣእዳው ብግቡእ ድሕጸብ እንተኾነ ፣ ድኾነ ሰብ ክልከፍ ይኽእል ኢዩ ። ቆልዑ በቲ ቫይረስ ብምልካፎም ነብሰወቐሳ ክስመዖም የብሉን ። ንኻልኦት ድተለኽፉውን ከሽግሩ ከሰክፉ የብሎምን ።

### 3. ብዛዕባ እቲ ደጋጥም ደሎ ምስ ቆልዑ ቅኑዕን ግሉጽን ኩን

ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ብዙሕ ዘይምርግጋእ ፣ ሓበሬታን ግጉይ ሓበሬታን ኣሎ ። ቆልዑ ምስ ንጹር ሓበሬታ ክህቡ ድኽእሉ ከዕልሉ ኣድላዪ ኢዩ ። ሓደ ሰብ እንተሓሚሙ እንታይ ኪጋጥም ከምድኽእል ግልጺ ከኣኩን ።

### 4. ኣብ ቅድሚ ቆልዑ ብኸመይ ብቓላት ከምትገጾም ሕሰብ

ዓበይቲ ነንሓድሕዶም ኣብ ጥቓ ቆልዑ ክዛረቡ ከለዉ እንታይ ክብሉ ከምደለዎም ክጥንቀቑ ይግባእ ። ንቖልዑ ገለ ደይተረደኦም ነገር ክህሉ ኸሎ ቆልዑ ብቐሊሉ ኢዩ ደህውትቶም ፣ ፍርሒ ክስመዖም ከኣ ክገብር ይኽእል ኢዩ ።

### 5. ንቖልዑ ተስፋ ሃብ

ቆልዑ ነቲ ቫይረስ ንምጥፋእን ንምሕጋዝን እንታይ ክግበር ከምደለዎ ክሰምዑ ኣድላዪ ኢዩ ። እቶም ቆልዑ ንምእላይን ንኽይ ሓሙን ንስኹም ወለድን ካለኦት ዓበይትን ሰባትን ኩሉ ድከኣለኩም ትገብሩ ከምደለኹም ንገርዎም ። ነቶም ድሓመሙ ሰባት ድሕግዙ ኣሽሓት ንፋዓት ዶክተራትን ኣለይቲ ሕሙማትን ኣለዉ ።.

### 6. እቶ ቆልዑ ንባዕሎም እንታይ ክገብሩ ከምደለዎም የዕልሉ

ቆልዑ ኣእዳዎም ብግቡእ እንተተሓጺቦምን ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ገዛ እንተኾይኖምን ኣብ ምግታእ ዝርገሐ ናይቲ ኮሮና ቫይረስ ክሕግዙ ይኽእሉ ኢዮም ።

## ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ገዛ ውሸባን ምግላል ወይ ምንጻልን ብዝተፈላለየ ቋንቋታት

[https://www.fhi.no/nettpub/coronavirus/rad-til-personer-som-er-smittet-eller-har-vart-utsatt-for-smitte/informasjon-om-hjemmekarantene-og-isolasjon-pa-ulike-sprak/](https://www.fhi.no/nettpub/coronavirus/rad-til-personer-som-er-smittet-eller-har-vart-utsatt-for-smitte/informasjon-om-hjemmekarantene-og-isolasjon-pa-ulike-sprak/)

Nasjonalt senter for flerkulturell opplæring (Mars 2020)
Teksten er basert på informasjon fra Folkehelseinstituttet og Redd Barna